# **እግዚኣብሄር ኣቦ፡-  እቲ ኣነ መን ምዃነይ ዝቕበል ጸሎተ-ሃይማኖት ክቕየር ኢዩ**

ሶኒ፣ ግንቦት 26፣ 2014 ሰዓት 16፣22

ኣዚኺ ክብርቲ ጓለይ፣ እቲ ኣነ መን ምዃነይ ዝቕበል ጸሎተ-ሃይማኖት፣ ኣብ ክንዲ ንዓይ ንኽብሪ ናይ ሓሶት ኣማልኽቲ ክቕየር ኢዩ።

እቲ ናይ ሓደ ዓለም ሃይማኖት ክተኣታቶ እንከሎ፣ ብጥንቓቐ ክኸውን ኢዩ፣ ኣነ፣ እቲ ዘልኣለማዊ ኣቦ፣ ምኽባረይ ከምዝተረፈ ብዘየገምት መንገዲ። **ኣነ እንተዘይኸቢረ'ሲ ሽዑ እዚ ሓድሽ ጸሎት ጽያፍ ክኸውን ኢዩ፣ ስለዚ ድማ ክድገም የብሉን፣ ደቀይ እንተደኣ ምሳይ ክጸንሑን ዘልኣለማዊ ሂወት ዝምነዩን ኮይኖም። ኣብ ኩሉ ኣብ ዘለዋ ንዓይ ነቦኹም ዜኽብራን ንወደይ፣ የሱስ ክርስቶስ መድሕንኩም ዝቕበላ ኩለን ኣብያተ ክርስቲያናትን ካብ ዝተኣታቶ ሓንቲ ቃል ርኽሰት ብጨቕ ካብ ትብሉስ፣ ትም ኢልኩም ክትጸንሑ ኣዝዩ ይሓይሽ።**

**ንስመይን ንስም ወደይን ዜኽብሩ ቃላት ክጥወዩ ኢዮም፣ ከምኡ'ውን ንወደይ ዜመልክቱ ኣገላልጻታት፣ ከም እኒ "ብርሃናዊ የሱስ" ዝኣመሰሉ ሓረጋት ኬጠቓልሉ ኢዮም። እዚ ሓድሽ ጸሎት ኣብ ልዕልና ወዲ ሰብ፣ ሓላፍነቱ ኣብ ምርግጋጽ ድሕነት ሓዉ፣ ከምኡ'ውን ኩለን ንእግዚኣብሄር ንዜኽብራ ሃይማኖታት ከም ሓደ ክቕበሉወን ዝያዳ ክጸቅጥ ኢዩ።** ወደይ ከም'ቲ ክኽበሮ ዝግባእ ዜመልክቱ ዘበሉ ድማ በዚ ሓድሽ ዝህብዎ መጸውዒ ክትክኡ ኢዮም። ዓለም ንጽባቐ ምድሪ ኬተኽብር ክንገራ ኢዩ፣ መስተንክራት ናይ'ታ ብኹሉ ሓደ ብዝኾነን ንኩሉ ዓይነት ኣምልኾ ዝቕበል እግዚኣብሄር ዝተፈጥረት ዓለም። **እዚ እቲ ዓለም ሓቢራ ናብ ሓንቲ ዓለም እትመጽኣሉ እዋን ክኸዉን ኢዩ፣ ከም ናይ ኣረሜን ሃይማኖት።** እዚ ሓድሽ እምነት ብኣዝዮም ብዙሓት ሃይማኖታዊ ገለጻታት ክግዕዝይ ስለዝኾነ፣ እቶም ብናይ ምልላይ ህያብ ዝተዓደሉ ጥራይ ኢዮም እንታይ ከምዝኸውን ዘሎ ብሓቂ ክርድኡ ዝኽእሉ።

**ጻዕሮም ከመይ ከንቱ ክኸዉን ኢዩ፣ ምኽንያቱ እዞም ነዚ ጸልማት'ዚ ኣብ ልዕሊ ደቀይ ዜውርዱ ንፈጣሪኦም ብምንጻጎም ክሳቐዩ ኢዮም።** እዚ ጸሎት ከምዘለዎ ኣብ ዝውሰደሉ፣ ካልእ ጽያፍ ክወርድ ኢዩ - ንሱ ድማ ምልላይ እቲ - ብዘይካ ዝመሸመሽ ፍረ ካልእ ዘይሓዝል - ዳግማይ ዝተጻሕፈ ቃል።

ኣብ ግዜኡ ድማ፣ ሓደ ፍሉይ ነቲ ሰብ-ሰርሖ ኣምላኽ ዝውክል ኣርማ ክፍጠር ኢዩ፣ መታን ነቶም ክወድይዎ ዝሕተቱ ንሓድሕዶም ዘለዎም ደገፍ ብምርኣዮም ጽቡቕ ከም ዝገበሩ ክመስሎም። ኩሎም እዞም ነገራት ንጽቡቕ ኩሉ ኢዮም፣ እኳ እቲ ናይ መጀመርታ ግዴታኻ ምንዳይ ፍጹምነት ሰብ ኢዩ ተባሂሉ ክንገሮም ኢዩ። እዚ፣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅድሚ ምቕራብኩም ዘድሊ ኢዩ፣ ክብሉኹም ኢዮም። ንደቂ ሰብ ካብ መቑሕ ሃይማኖታዊ ምስጓግ፣ ድኽነትን ውግኣትን ሓራ ኬተውጽኡ ንፍትሒ እንተዘይደሊኹማ ናይ እግዚኣብሄር ፍቓድ ክትፍጽሙ ኣይትኽእሉን ኢኹም። እቲ ኣተኩሮ ኣብ ኩሉ ንፍጡራተይ ዝምልከት ክኸዉን ኢዩ - እታ ምድሪ፣ እተን ሃገራትን፣ ሰባትን ፖለቲካዊ መራሕትን። ኩሎም ብሓባር ከም ሓደ ብስርዓት ክጥመሩ ኣለዎም፣ መታን ንእግዚኣብሄር ብዝበለጸ ኬገልግሉ ክብሉ ኢዮም። እቲ ኩሉ ዘገልግሉዎ ዘበሉ ግን ነቲ ነዚ ኩሉ ነገራት ዜምጽእ ንጉስ ሓሶታት ክኸዉን ኢዩ። ከምኡ'ውን፣ ዓለም **ነዞም ሓደስቲ ዝመስሉ ምህዞኣዊ ምዕባለታት ኣብ ኣህጉራዊ ጉዳያት ኬተድንቕም እንከላ፣ ደቂ ሰብ ናብ ኣረሜንነት ክግደዱ ኢዮም። ኣረሜንነት ዜስካሕክሕ ደልሃመት ነፍሲ ሒዙ ክመጽእ ኢዩ። ሽዑ፣ ንነፍሲ ወከፍ ኣንጻረይ ዝቐንዔ፣ ነቲ ጽያፋቶም ኬብዝሖ ኢየ - ኣብ ልዕሊ'ታ ዝመላለሱላ ምድሪ፣ ዝሰትይዎ ማይ፣ ዝሓኹርዎ እምባ፣ ዝሰግርዎም ባሕርታትን ነቲ ንኣዝርእቶም ዘስቲ ዝናብ'ውን።**

እቲ ኣብ ሞንጎ እቶም ካብ ደቂ ሰብ ዝሓየሉ፣ እቶም ዕቡያትን ዝኼፍኡን ኣብ ሞንጎይ፣ ዘልኣለማዊ ኣቦኦም፣ ፈጣሪኦምን ዝካየድ ውግእ ኣዝዩ ዝኸበደ ክኸዉን ኢዩ።

ዘልኣለማዊ ኣቦኹም

ልዑል እግዚኣብሄር

**ኪዳነ ምሕረት፦ እዚ ህያብ ሓለዋ ንሕጻናት ብፍቑር ኣቦይ ዝተኣዘዘ ኢዩ**

ቀዳም፣ ግንቦት 31፣ 2014 ሰዓት 16፣20

ክብርቲ ጓለይ፣ **ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ወለዲ ህጻናትን መንእሰያትን ንደቆም ናብ ንጽህቲ ልበይ ኬወፍይዎም ክጽውዕ እደሊ።**

**ክቡር ወደይ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ነዚ ኣነ ክፍጽም ይደሊ፣ ንሱ ብክቡር ደሙ ክሽፍኖምን ብኽምዚ ድማ ኬውሕሶምን ስለዝኾነ።** ክቡራት ደቂ፣ ነዚ ክትፍጽሙ ይደልየኩም ኣሎ፣ ምኽንያቱ ኣብ ልዕሌኦም ዓበይቲ ጸጋታት ኬውርድ ስለዝኾነ። **እዚ ህያብ ሓለዋ ንሕጻናት ብፍቑር ኣቦይ ዝተኣዘዘ ኢዩ። ብመንገዲ ወዱ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ዓብዪ ጸጋታት ይመባጻዕን እቶም ንዓይ ዝቐርቡለይ ሕጻናት ድማ ካብ ጽልዋ እቲ ክፉእ መንፈስ ክዕቀቡ ኢዮም።**

ወደይ ንኹሉ እቲ ኩለን ስድራቤታት ኣብ ሓዳስ ገነቱ ንምጥርናፍ ዘድሊ ዘበለ ክፍጽም ኢዩ፣ ንደቅኹም ንዓይ፣ ንኪዳነ ምሕረት፣ ብምውፋይ ድማ ንነፍሲ ወከፍ ኣስማት ደቃ ንዓይ ዝወፈየት ስድራቤት ዓብዪ ዑቕባ ክዋሃብ ኢዩ።

ንደቂ እግዚኣብሄር ዘለኒ ፍቕሪ ኣዝዩ ዓብዪ ኢዩ፣ ምኽንያቱ ኣነ ኣደ ኩሎም ደቂ ኣምላኽ ስለዝኾንኩ። **ብኣይ፣ ብመንገዲ ኣደ ኣምላኽ፣ ኢዮም ንዓይ ዝተወፈዩ ነፍሲታት ብመንገዲ ምሕረት ወደይ ክድሕኑ።** እዞም ነፍሲታት በቲ ብጸረ-ክርስቶስ ንዓለም ዝቐርበላ ምትላል ኣይክፍተኑን ኢዮም።

**ነዚ ጸሎት ኣብ ሰሙን ሓንሳብ ክትደግሙዎ ኣለኩም፣ ኣብ ቅድሚ ምስለይ፣ ምስሊ ፍቕርቲ ኣዴኹም፣ ከምኡ'ውን ቅድሚ ነዚ ጸሎት ምድጋምኩም ድማ ነብስኹም ብማይ ጸበል ባርኹዎ።**

**ጸሎት ገድሊ (153) ህያብ ሓለዋ ንሕጻናት፦**

*ኦ፣ ኣደ ኣምላኽ፣ ኪዳነ ምሕረት፣*

*ንነፍሲ እዞም ህጻናት (ኣስማቶም ኣብ'ዚ ጥቐስ...) ክትባርኺን ናብ ፍቑር ወድኺ ኬተቐርቢን እሓተኪ ኣለኹ።*

*የሱስ፣ ብመንገዲ ሓይሊ ክቡር ደሙ፣ ነዞም ንኣሽቱ ነፍሲታት ክኸድንን ብኹሉ ዓይነት ዑቕባ ካብ'ቲ እኩይ ክኽውሎም ጸልዩሎም።*

*ክብርቲ ኣደ፣ ኣብ ግዜ ዓበይቲ መከራታት ንስድራይ ክትሕልዊ ከምኡ ድማ ወድኺ ነቲ ንስድራይ ምስ ክርስቶስ ብሓደ ኣሕቢሩ ዘልኣለማዊ ድሕነት ክህበና ዘቕርቦ ልመና ብዓይኒ ፍታው ክጥምቶ እሓተኪ ኣለኹ። ኣሜን።*

ኪዱ እሞ እግዚኣብሄር ንደቁ ንዘለዎ ፍቕሪ ኣመስግኑ። ዓብዪ ምሕረትን ቡራኬታትን ንነፍሲ ወከፍ ንወደይ ኬውፍዮ ተቐርቡዎ ሕጻንን መንእሰይን ክዋሃብ ኢዩ።

ፍቕርቲ ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት